- <u>ኣጭር የኢትዮጵያ ታሪክ</u>፣ ብርሃኑ ድንቄ፣ 1947 ዓ.ም. ገጽ 9-12 ርአ።
- <u>Ethiopia, A Short Illustrated History</u>, Grade 9-12, ed. by Kiros Habte Sellassie & Mazengia Dina, Ministry of Education, Addis Abeba, 1970 ፡ ገጽ 23-35።
- <u>Greater Ethiopia:The Evolution of a Multiethnic Society</u>, by Donald N.Levine, University of Chicago Press, Chicago, 1974 ፡ ገጽ 18፣ 33... ።

እንድርያስ ከስ ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልፀ ሓደ ካብቶም ታቦተ ጽዮን ጊዜም ንምንሊክ ተኸቲሎም ዝመጹን ኣብ ከባቢ ኣክሱም ዝነበሩን ሕዝቢ እንክኾን፡ ድኅሪ ብዙኅ ዘመናትን ወለዶታትን እንካብ ዘርኡ እንድርያስ (ዳግማዊ) ዝተብሃለ ብጾቱ ኣኸቲሉ ካብ ከባቢ ኣክሱም ናብ ክልተ ኣውላዕሎ ብፍላይ ደስኣ-ወምበርታ "ፅራዕ" ናብ ዝተብሃለ ዓዲ ከምዝመጸ ይንገር። ኣብኡ ከዓ ኣል ቀሺ ብርኪ ዝተብሃለ ሓደ ወደባት - መቕልድም ዝስማ ሰበይቲ ኣእቲዩ ንሔባይ ወለደ። ምእንትዙይ ከዓ ኢዩ ሔባይ ክሳዕ ሎሚ "ሔባይ-ፅራዕ" ብዝብል ቅጽል እናተጸውዐ ዝነብር። ሔባይ ንኣይፈራሕ፣ ኣይፈራሕ ንዓሚዶ ወለደ። ዓሚዶ - ኢሮብ ሎሚ ከም ቀንዲ መሠረተ ዓሌት ገይሮም ንዝኅዝዎ ንወረደምሕረት ወለደ። ወረደምሕረት ኣብ ፅራዕ ምሥማርን ዓሚርን ወለደ። ምሥማር ሕዝቢ ደስኣን ወምበርታን፣ ዓሚር ከዓ ናብ ዳሉል ገጽ ከይዱ "ዱሉም ዱ-ላብሃ" ዝበሃል ኣብቱ ከባቢ ዝርከብ ሕዝቢ ከምዝፈረየ ይዝንቶ። ወረደምሕረት ግን ናብ ዓጋመ መጺኡ ኣብ ጥቓ ዓዲግራት ድኅሪ ጐልዓ ክሳዕ ሎሚ ብስሙ "ዓዲ-ወረደምሕረት" ተብሂላ ኣብ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ሠፈረ። እንካብኡ ናብ ሓረዘ እትበሃል ካብ ዓዲግራት ናብ ሰሜን-ምሥራቅ ኣብ እግሪ ዓሲምባ እትርከብ ዓዲ ከይዱ ቡልድም ዝስማ ጓል ሓሪዛይ[11] ኣእቲዩ ሰንበታይን ሡመን ሓነከን[12] ወለደ። እዞም ሠለስተ ኣኅዋት ደቂ

---

[11] ሓሪዛይ ወዲ ኢዮባን - መበል ሻውዓይ ኃው ሓዞን ስርኵሶን ኢዩ።

[12] ካርሎ ኮንቲ ሮሲኒ፡ ዝርዝር ደቂ ወረደምሕረት ኣብ ዝጸሓፈሉ ሓደ ጽሑፉ፡ "ኣበኔር ? ዓለት ላምዛ?"፣ "ሙሴ ? ዓለት ተሮዓ?" ኢሉ፡ ምስ ናይ ሕቶ ምልክት ኣበኔርን ሙሴን ወሲኹ ይርከብ፣ ዓሚርን ምሥማርን ግን ኣይጠቐሰን። C.Conti Rossini, <u>Al Rágali</u>, Estratti dal Bolletino della "Societá Italiana di Esplorazioni Geografiche e Commerciali", Anni 1903-1904, Tipografico P.B.Bellini, Milano, 1903, ገጽ 60 ረአ።



ወረደምሕረት ጸኒሖና ክንርእዮ ከምዝኾንና ንሕዝቢ ኢሮብ ፈረዩ። ሎሚ ኣብ ኢሮብ ብዙኃት ነባርን ታሪካውን ክብሪ ዝህብዎ (corporate personality) ንሡመ እኳ እንተኾነ፣ ናይ "ሠለስተ ኢሮብ" ኣቦ ወይ መሠረተ ዓሌት ወይ ጒንዲ ወረደምሕረት ኢዩ።

ኣብዙይ ክስትውዓል ዘለዎ ክልተ ነገር ኣሎ፡-

1 - ኣብ ታሪክ ዘገምታዊ ምዕባለ-ሰብ (evolution of man): ብሳይንስ ዝእመነሉ ብሚሊዮናት ዝቝጸሩ ዓመታት ምህላዎም ዝፍለጥ ኢዩ። ስለዙይ ከዓ፡ ታሕቲ ኣብ "ሀ" ተዘርዚሩ ዘሎ ብኣጠቓላሊ እንክረአ ዓቢይ ክፋሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ዝርከብ እንተኾነኳ (ዘፍጥ.፭፡፩-፴፪፣ ፲፡፲-፴፪። ፩ዜና መዋ.፩፡፩...። ሉቃ.3:፴፬-፴፰፣ ወዘተ. ርአ) ዕላማ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሕቶታት ታሪክን ሳይንስን ምምላስ ስለዘይኮነ: እዙ ካብ "ኣዳም ክሳዕ..." ዝብል ኣብ "ሀ" ኣቲዩ ዝርከብ ዝርዝር ወለዶ ምሉእ ብምሉእ ዅጽሪ መሥመር ጊዜ ዝመጽእ ኢዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ይኹን እምበር ከም መሠረት ሓበሬታ ቅቡል ኢዩ። ኣብ "ለ" እንረኽቦ ተራ ዝርዝር ወለዶ ግን ናይ ቀረባ ጊዜን ብታሪክነቱ ዝፍለጥን ብኣፍ ኣቦታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጸን ስለዝኾነ ካብ እንድርያስ ዳግማዊ ክሳዕ ወረደምሕረት ካብ ወረደምሕረት ከዓ ክሳዕ ጊዜና ዘሎ ተራ ብተራ ዝእመነሉ መሥመር ቍጽሪ ወለዶ ኢዩ።

2 - እንድርያስ ወዲ መግዲር ብዘበን ቀዳማዊ ምንሊክ ምስ ታቦተ ጽዮን ናብ ኣክሱም ከም ዝመጽአ ዝእመነሉ'ኳ እንተኾነ፡ ብፍላይ ካብ እንድርያስ ቀዳማዊ ክሳዕ እንድርያስ ዳግማዊ ዘሎ ቍፅሪ ተራ-ወለዶ ግን ምስ ኣቈፃፅራ ዘበን ስለ ዘይሰማማዕ፡ ምሉእ ብምሉእ መሥመር ጊዜ ዝመጽእ ኢዩ ንምባል ኣየድፍርን፤ ኣብ መንጎ ዘቋረፀ ብዙኅ ወለዶ ከምዘሎ ከዓ ኣየጠራጥርን። እንተኾነ ግን ኣብ ላዕሊ ከምዝተገልፀ ብኣቦታት እዙ ሕብረተሰብ ንሓበሬታ ዝኣክል እናተመሓላለፈ ብውረድ ተዋረድ ብኣፍ ኮነ ብጽሑፍ ዝተረኽበ ኃድጊ ንሱ ስለ ዝኾነ (ካልእ ብመረዳእታ ዝተደገፈ ጽሑፍ ክሳዕ ዝርከብ) ኣብ ኢሮብ ከም ወዲ ብወዲ ዝተተኃኃዘ ሓረጋዊ ኣመጻጽኣ ተኣሚኑሉ ዝተኃዘ ትውፊታዊ መረዳእታ ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘረ ኢዩ።

ሀ/ ኣዳም
ሴት
ሄኖስ
ቃይናን
መላልኤል